# ዝወዓለ ይንገር !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ ከም ካልኦት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሰላማዊ መንገዲ ነጻነቱ ንኽይረክብ ብሓያላን መንግስታት ምስ ተነፍገ ፡ ነጻነቱ ብሓይሊ ብረት ከምጽኣ  ተገዲዱ።መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትምህርቲ ዝነበረ ትምህርቱ ፡ ኣብ መጓሰ ዝነበረ መጓሰኡ ፡ ኣብ ማሕረስ ዝነበረ ማሕረሱ፡ ኣብ ሽቕለት ዝነበረ ሽቕለቱ ጠንጢኑናብ መኣዲ ቃልሲ ናብ ገድሊ ወሓዘ። ገድሊ ክበሃል ከምቲ እቶም ኣብኡ ዝተዋስኡ ዝብልዎ ህልም ዝበለ ገደል እንትርፎ ሕሰም ራህዋ ዘይትርእየሉ እንትርፎ ጥምየትን ጽምእን ጽጋብን ርውየትን ዘይትርእየሉ ከም ገንሸል ኣፋስጋ ንመስዋእቲ እትቕረበሉን እትቀዳደመሉን ጉዕዞ ንናጽነት እዩ። እወ ኣብዚ ኩሉ ወዲ ሃገር ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ዓይነት ንቕሓት ክህልዎ ስለ ዘይክእል፡ እቲ ገለ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ብዘይ ሃገርን ብዘይ ነጻነትን ትርጉም ከም ዘይብሉ ተረዲኦም ንህዝቦምን ሃገሮምን ህይወቶም በጃ ከፊሎም ነጻነት ንምጉንጻፍ ንሜዳ ክውሕዙ እንከለዉ ገለ ከኣ ካልኦት ተቕሊሶምን ተሰዊኦምን ሰንኪሎምን ሃገር ከምጽኡላ እሞ ንሳ ከኣ ኣብ ውሻጠ ተሸጕጣ ብምጽናሕ ነጻነት ከተስተማቕር ክትብህግ እንከላ ገሊኣ ከኣ ናይ ሃገርን ህዝብን እንታይ ገዲሱኒ ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ ብምባል ኣብ ጎድኒ ጸላኢ ተሰሊፋ ቀይሕን ጸሊምን እናበልዐት ህዝባን ሃገራን ክትብድል እንከላ ፡ ገሊኣ ከኣ ጸልማት ተጎልቢባ ንባዕዲ ሃገር ብምኹብላል ነብሳ ዓቂባን ወሊዳን ዘሚዳን ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ደሊባ ክትጸንሕ እሞ ሃገር ነጻ ምስ ወጸት ንዓዳ ተመሊሳ በዓል ሰለስተ ደርቢ ቪላ ኣስሪሓ ሓንቲ ዓባይ ላንድ ክሩዘር ሒዛ ኣብ ኤርትራ መን ከማይ እናበለት ልዕሊ ሰብ ክትርእ ብምሕሳብ ንባዕዲ ሃገር ኮብለለት።

እታ ብማንካ ጸላኢ እናበልዐት ኣብ ልዕሊ ህዝባ ገበን ዝፈጸመት በቲ ሓያል ባርዕ ሰውራ ሓሪራ ካብ ምድረ ገጽ ጠፊኣ። እታ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ውሻጠ ተሸጕጣ ዝነበረት ከኣ ዜራ ዜራ ኣብ ጎድኒ ሰውራኣን ህዝባን ኮይና ተቓሊሳ ፍረ ቃልሳ ከኣ ተስተማቕር ኣላ። እታ ሕማቕ ሕልሚ ሓሊማ ንባዕዲ ሃገር ዝኾብለለት ከኣ፡ ገለ ውሑዳት ኣብቲ ናይ ክድዓትን ጥልመትን ተጓዒዛ ብኡ ኣቢላ ከኣ ናብ ሲኦላ ኣትያ እታ ገሊኣ ከኣ ከምቲ ኣቦታትና ዝብልዎ „ ዓድኻ ክትፈልጥ ካብ ዓድኻ ውጻእ „  ዝያዳ እንታይነት ናይ ስደትን መቐረት ሃገርን ኣብ ደማ ሰሪጹ ክሳብ ዕለተ ነጻነት ኣብ ጎድኒ ሰውራኣን ህዝባን ደው ኢላ ተቓሊሳን መኪታን መጕታን። ድሕሪ ነጻነት ውን እንተኾነ ኣብ ልምዓትን  ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምክልኻልን ዝከኣላ ጌራ ገና ውን ትገብር ኣላ።ብሓፈሽኡ ክንርእዮ እንከሎና እቲ ኣብ ስደት ከርፋሕ መነባብሮ እናኣሕለፈ ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ ውን ትኹን ካብ ውድቡን መንግስቱን ከይተፈልየ ሰውራን መንግስትን ደው ዘበለ ጽኑዕ ህዝቢ ዋልታን ደጀንን ሃገሩን ህዝቡን እዩ እንተበልካዮ ውን ይውሕዶ እምበር ኣይበዝሖን። እዚ ህዝቢ እዚ ንሃገረይ እምበር ንነብሰይ ኣይበለን። ኣብ ውልቃዊ መነባብሮኡ እንተ መጺእና ንስደት እንትርፎ ሕሰምን መከራን ክሳራን ካልእ ኣይረኣየላን።

ነቲ ኣበርክቶኡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ንነጻነትን ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገርን ንምውሓስ ልኡላውነት ሃገርን ንበይኑ ብሓደ ምዕራፍ ኣቐሚጥና ፡ ነቲ ኣብ ውልቃዊ ህይወቱ ዘሕለፎ ስቓይን መከራን ክኽሰር ዘይግብኦ ክሳራታት ዝኸሰሮን እሞ ንመልከት፡

ዘይ ዓድኻ ኣይዓድኻን እዩ ስለ ዝኾነ ከኣ ዝረብሕን ዘይረብሕን የጓጥጠልካ እንተደለየ ይኣስረካ እንተደለየ ከኣ ፈቲኻ ክሳብ ትጸልእ የካላብተካ። ኣብ ዝኾነ እትንቀሳቐሰሉን ወይ ኣብ መንጎኦም እትሕወሰሉን ግዜ ገሊኦም ብኽፉእ ዓይኖም ክጥምቱኻ እንከለዉ ገሊኦም ከኣ ቅርብ ኢሎም ካበይ መጺእካ ምኽንያት መምጽኢኻኸ እንታይ እዩ፡ መዓስ ኢኻኸ ንዓድኻ እትምለስ ዝብላ ሕቶታት የቕርቡልካ። ርእስኻ ይሰርሕ እንተደኣ ኮይኑ በዘን

ሕቶታት እዚኤን ጌሮም ኣብ ዓዶም ክትነብር ከም ዘይደልዩኻ የብርሁልካ ኣለዉ። ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ምስ እትኸይድ ውን ካብኣን ዝተፈልያ ሕቶታት ኣይኮናን ዝቐርባልካ። ወግሐ ጸብሐ „ ወጸእተኛታት ናይ ስራሕ ቦታ ወሲዶሙልና፡ ናብራ ብሰንኮም ከቢሩ ዝብላ ሓረጋት ትሰምዕ። እዚ ንርእሱ መዓልታዊ ኣብ ኣእምሮኻ ጭንቀት ይፈጥረልካ።በዚ ጉልበትካ ኣዕጽምትኻ ክሳብ ዝፈሓፋሕ ንዓመታት ወለንታዊ ባርያ ኮይንካ ተሕልፎ ኣብ መወዳእትኡ ኣካላት ምስ ፈርሰ ጥዕና ምስ ጎደለ ከም ዝኣረገ ሽበጥ ትድርበ። ኣብዚ ኣብቲ ግዜ ንእስነትካ ማለት ሰብነት ምስ ሓይሉ እንከሎ ልቢ ውን ኣጸቢቑ ኣይዓበየን ወይ ኣይበሰለን ክኸውን ይኽእል ንሎሚ እንበር ንጽባሕ ሓሲብካ ስለ ዘይተሰርሐ እርጋን ምስ መጸ ሓይሊ ምስ ደኸመ ኣበይ ይከየድ ኣበይ ይተኣቶ! ናይ ስደት መወዳእትኡ ኣማውታ ኣድኒ ኮይኑ ይተርፍ።ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ስደቱ „ ዓደይ ነጻ እንተወጺኣ ምስታ ቀዳመይቲ ነፋሪት እየ ዝኸይድ ይብል ከም ዘይነበረ እነሆ ሎሚ ምስታ ቀዳመይቲ ነፋሪትሲ ይትረፍ እነሆ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ሓሊፉ መዓልታዊ ኣብ ናይ ሬሳ ሳንዱቕ ብነፋሪት ንዓዱ ዝምለስ እምበር ብህይወቱ ደሓን ኩኒ ስደት ኢሉ ንዓዱ ዝምለስ ሰብ ንርኢ የሎናን። ከምቲ ኣቦታትና „ ኣድግስ ካብ ሞታ ምጉታታ „ ዝብልዎ ሓደ ሰብ ሞይቱ እውን ሬሳ ንዓዲ ንኽትሰድድ ቅለቱና ርድኡና ሓግዙና እናበልካ እዩ።እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ከኣ እቶም ኣብ ስደት ሓድጊ ተካእቲ ወለዶ ንጽባሕ ሃነጽቲ ኤርትራ ክኾኑ ተባሂሎም ዝተወልዱ ቆልዑ ንዋያ ንናይ ምዕራብ ሃገራት ህያብን ሓድግን ኮይኖም ከይተርፉ እቲ ዝዓበየ ስግኣት ኮይኑ ይርከብ። ከስጋኣካ ዝኽእል ከኣ ንሕና እቶም ወለዶም ኣብ ዓድና ተወሊድና ኣብኡ ዓቢና ዘይተመለስናስ ከመይ ኢሎም እዮም ኣብዚ ተወሊዶም ዝዓበዩ ደቅና ብድሕሬና ንዓድና ክምለሱ ኢልና ክንሓስብ ! ስለዚ ንሕና እዞም ቀዳሞት ስደተኛታት ኣብ ኤርትራ ንዓና ዝትክእ ስምና ዘጸውዕ መተካእታ ዘይብልና ጠፊእና ማለት እዩ።እዚ ማለት እንተደኣ ካብዚ ሬሳና ጥራይ ኮይኑ ንኤርትራ ክምለስ ናትና ዘርኢ ንሕና ኣብታ መቓብር ምስ ኣቶና ኣብቂዑ ማለት እዩ።እቲ ዝኸፍኣን ዝመረረን ከኣ እዚ እዩ። ሓደ ገረብ እንተተቐሪጹ መሊሱ ክጭብጭብ ይኽእል እዩ ፡ እቲ ዝጨብጨበ ዓብዩ ፍረ የፍሪ ከምኡ እናበለ ከኣ እናተታኻኽአ ይቕጽል ኣይጸንትን። እንተደኣ ካብ ሱሩ ምሒኻዮ ግን በሪሱ ወይ ጸኒቱ እዩ ፡ ቀጻልነቱ ኣብቲ ቦታ የሎን። ስደተኛ ከኣ ብኣጋኡ ቤተሰቡ ሒዙ ንዓዱ እንተ ዘይተመሊሱ ጠፊኡ ማለት እዩ።ንሕና ከኣ ንነብስና ጠፊእና ንሃገርና ከኣ ወጺዕናያ ።

መንእሰይ ኤርትራ ሎሚ ሃገር ነጻ ምስ ወጸት ንኹሉ እንተታት በዲሃን ስዒራን ኣብ ጎደና ምዕባለ ኣብ እትውንጨፈሉ ዘላ እዋን ፡ ኣብ መጻወድያ ናይ ዓለማዊ ምድሕርሓርን ከዳሚ ጭፍራ ወያነን እቶም ኣብ ጥላም ሳእኒ ወያነ ዝተምበርከኹ ወይጦታት ኤርትራውያን ኣትዮም ኣደዳ ሞትን ሕስረትን ኮይኖም ክትርኢ ዘየሕዝን ኣይኮነን።እዚ ደይ መደይ ኢሎም ንመንእሰይ ኤርትራ ንምጥፋእን ንመንግስቲ ኤርትራ ንምድኻም,ን ዳይናሚካዊ ሓይሊ ሃገር ንዝኾነ መንእሰይ ንምጥፋእን ብኡ ኣቢሎም ከኣ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሓይሉ ንምድኻም ኣብ ዘዳለዉዎ መጻወድያ እዩ ፡ መንእሰይ ኤርትራ ብጎደና ሲኦል ተጓዒዙ ክዓርብን እቲ ካብ ዕርበት ዝደሓነ ከኣ ኣብ መፍትሒ ዘይብሉ ወለንታዊ ባርያ ኮይኑ ወርቃዊ ዕድሉ ከጥፍእ ክትርኢ እንከሎኻ ኣዝዩ የሕዝነካ። እዞም መንእሰያት እዚኣቶም መብዝሕትኦም ኣብ መንጎ 16 ን 30 ን ዘሎ ዕድመ ክልል ዝርከቡ እዮም። ኣብዚ እቶም ዘይተመርዓዉ ዝምርዓውሉን ዝወልድሉን ግዜን ዕድልን የጥፍኡ ኣለዉ፡ እቶም ተመርዕዮም ዝወለዱ ከኣ ደቆምን ሓዳሮምን ጸዊዖም ኣብ ዘየስምዕሉን ኣማዕድዮም ኣብ ዘይርእዩሉን ቦታ ሰፊሮም ግደ ስቓይን ናፍቖትን ኮይንካ ምትራፍ እዩ። ኣይፋልኩም መንእሰያት ኣሕዋት ደቂ ሃገር ንዓና ርኢኹም ተመሃሩ ! ኣብ ስደት ዝርባሕ ኔሩ እንተ ዝኸውን እቶም ንልዕሊ ሓደ ርብዒ ዘመን ኣብ ስደት ዝነበርና ምረባሕና ፡ ግንከ ስደት እንትርፎ ሕስረትን ውርደትን ስቓይን ካልእ ስለ ዘይብሉ ኣብ ስደት ክንረብሕ ኢና ክንምዕብል ኢና ኢልኩም ኣጉል ሕልሚ ኣይትሕለሙ! ሕልሚ ሕልሚ እዩ ፍጹም ከኣ ጋህዲ ኣይከውንን እዩ እቲ ምንታይሲ ምስ ስራሕ ስለ ዘይከይድ። ወዲ ሰብ ራእዩ ክህልዎ ጽቡቕ እዩ እቲ ምንታይሲ ራእይኡ ንምብጻሕ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ስለ ዝፈልጥን እሞ ስለ ዝሰርሕን ከኣ። ኣይፋልኩም መንእሰያት ኤርትራ ንስኻትኩም ካብ ካልኦት

መንእሰያት ናይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ፍልይ ዝበልኩም ኢኹም። ንስኻትኩም ነፍሲ ወከፍኩም ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰማእታት ሕድሪ ዝተቐበልኩም ተቐበልቲ ሕድርን ሃገርን ኢኹም። ሕድርኹምን መብጽዓኹምን ኣብዚ ወያነ ዝኸፈተልና ወራር ብግብሪ ኣርኢኹም ብጅግንነትኹም ዓለም ብዓለማ ገሪምዋ እዩ። ብርግጽ ከኣ ዋርሳይ ወረስቲ ሕድሪ ወረስቲ ጽንዓት ወረስቲ ጅግንነት ኢኹም። መዓስ ኣብ ዓውዲ ኲናት ጥራይ ፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር ዘርኣኹሞ ቅያ ክሳብ ሎሚ ኣብ ዓለምና ከምኡ ዓይነት ቅያ ኣይተራእየን ፡መዳርግቲ ከኣ የብሉን። መን ኣበይ ኲርናዕ ናይዛ ዓለም ኣሎ ከማኹም! ንስኹም'ዶ ብኣለካ ለኸዓካ ከም ንደርሆ ብማሽላ ብዶላር ብኦይሮ ትታለሉን ኣብ መፈንጠራ ጸላኢ ትኣትዉን ኢኹም ! ራእሲ ኣሉላ ንኤርትራ ወሪሩ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ ዓሰርተው ሾሞንተን ፡ ኣርባዓን ዓመት ዘሎ ወዲ ተባዕታ ኣጥፍእዎ ኢሉ ኣዊጁ ምንባሩ ንፈልጥ ኢና።ከምዚ መግበሪኡ ከይወለዱ ከይተክኡን ክጠፍኡ እሞ እታ ሃገር ብቐሊሉ ንምሓዛን ናቱ ንምግባራን እዩ። ናይ ሎሚ መንእሰይ ደኣ እንታይ ወሪዱካ እኳ ብዝረብሖ ዘዳለዉዎ መፈንጠራ ከይከውንሲ ብናይዘን ኀሓፋት ናይ ቤተ ክርስትያን ኣናጹ ወያነ! ካብዚ ሞት ሰታሪ ! ኦ መንእሰይ ዓድኻን ኣዴኻን መተካእታ የብለንን፡ ንስኻ እንተዘይ ሃሊኻ ዝረብሕን ዘይረብሕን ክደፍረን ምዃኑ ፍለጥ ! ኣዴኻን ሃገርካን ተደፊረን'ከ ናይ ሕልና ቅሳነት ይህበካ'ዶ !

ኦ መንእሰይ ኤርትራ ! መለበምን ኣይግበርካ መለበምን ኣይኸላእካ ፡ ኣብ ዓለም ንዘለኣለም ነበርቲ ኣይኮንናን፡ ኣበይ ከም ዝተወለድናን መዓስ ከም እተወለድናን ክንፈልጥ ንኽእል  ኢና ፡ መዓስ ከም እንመውትን ኣበይ ከም እንመውትን ግን ኣይንፈልጥን ኢና። ምስ ሞትና ሳንቲም ቀያሕ ውን ምሳና ኣይንማላእን ኢና። ኣብ ዓለም ንዘለኣለም ዝነብር ጽቡቕ ስምን ግብርን እምበር ሰብ ኣይኮነን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ምስ ሓይልኻን ጉልበትካን ከሎኻ ንሃገረይ እንታይ ክገብረላ ኢልካ ደኣ ሕሰብ እምበር ሃገረይ እንታይ እያ እትገብረለይ  ኣይትበል። ነዛ ሃገር ዋልታኣን ድርዓን ንስኻ ኢኻ። ንስኻ ኣፍራዪ ንስኻ ሃናጺ ንስኻ መሃሪ ንስኻ ሓኪም ንስኻ ተኳሲ መካቲ፡ ንስኻ ኩሉ ኢኻ ! እቶም ተበጅዮም ሃገር ዘረከቡኻ ሰማእታት ዓገብ ! ሃገር ራሕሪካ ንባዕዲ ሃገር ምኹብላል ዝሃብናካ ሕድሪ ኣይኮነን ! ይብሉኻ ኣለዉ። እቶም ትማል ኣብ ጎድናኻ ኮይኖም ብጅግንነት ሰራዊት ጸላኢ እናሓምሸሹ ዝወደቑ ብጾትካ ፡ ኣንታ ንዓና ኣብ ጉድጓድ ኣእቲኻ ገና ስጋና ፍልሖ ከይበልያስ ገዲፍካና ክትኰብልል! ነዚ መዓስ ተሰዊእና ! ኣብ ኣሰርና ደው ኢልካ ሃገር ከተድሕንን ሃገር ክትሃንጽን ቃል ኣይኣቶኻልናን እንዲኻ! ይብሉኻ ኣለዉ።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!